# ናይ ደገፍ መግለጺ ንምንቅስቓስ መንእሰይ (ብርጌድ ንሓመዱ)

ህዝቢ ኤርትራ ኣብ ውሽጢ ሃገሩ ጥራሕ ከይኣክል፡ ገባቲ ስርዓት ህግደፍ ኣብ ስደት'ውን ከይተረፈ፡ እግሪ እግሩ እናዳሰዓበ ብሸም ፌስቲቫላትን ባዓላትን፡ ቁጠባዊ ትሕዝቱኡ ንምኽዕባት፡ ን32 ዓመታት ዝኣክል ንህዝብናን ዓለምን ብናይ ሕሶት ፕሮፖጋንዱኡ ከደናግር ጸኒሑ። ሎሚ ግን ኣብ ፌስቲቫላቱ ብሸፉን ባህላውን፡ ቛንቛውን፡ ትምህርታውን ተጠቒሙ፡ ነቲ ዝተለሞ ብጅግንነታዊ ትብዓት ስለ ዘበርዓንኩሞን ዝዓገትኩሞን፡ ብሸም መላእ ደለይቲ ፍትሒ ኤርትራውያን ተቐማጦ ህዝቢ ሳንድያጎ - ካሊፎርንያ፡ ኣብቲ ክቡር ዓወት ህዝብና ስለዝዋዓልኩም፡ ምስጋናና ወሰን የብሉን።

በዚ ኣጋጣሚ እዚ ንኹሉኹም ምንቅስቓስ መንእሰያትን (ብርጌድ ንሓመዱ)፡ ዋዕሮታት ኣዴታትን፡ ኩለን ደቂ ኣንስትዮን፡ ከምኡ'ውን ኩሉኹም ነባራት ተቓለስቲ ደለይቲ ፍትሕን፡ ድምጽን፡ ድፕሎማስያዊ ሉእኻትን፡ ሕጋዊ ተጣበቕትን ህዝብና ብምኻን፡ ብዓበይቲ መዕከን ዜናታት ዓለም፡ ንምልካዊ ስርዓትን፡ ሉኡኻቱን ኣብ ቅርዓት ጥራሑም ስለዘውጻእኹሞም፡ ብዓወት ህዝብና ሓበን ተሰሚዑናስ ንቖጻሊ ኣብ ጎድንኹም ከምዘለና ክነበስረኩም ንፈቱ።

ከተማ ጊሰን - ጀርመን፡ ከም ጎቦታት ኣዳልን ቶጎርባን፡ ቦኽርን ጀማርን ዓወታት ስለዝዓተርኩም፡ ጎነጻዊ ቃልስኹም ካብ ስደት ንውሽጢ ዓዲ ባናኡ ስለዝወለዐ፡ ሕጂ'ውን ኣብ ስያትል - ኣመሪካ ተመሳሳሊ ዓወት ክድገም መሪሕ ቃልሲ ዝተለምኩሞ ተደጋጊሙ ስጋብ ኣብ ውሽጢ ሓራ መሬት ኤርትራ ዝዝራእ ዘለና ትምኒት ስለ ዘበረኽኩሞ ደጊምና ነመስግን።

ብንዋታውን ሞራላውን ብኣካል'ውን ከይተረፈ ንምድጋፍ ኣብ ጎድንኹም ከምዘለና ነረጋግጸልኩም!

ዓወት ህዝቢ ኤርትራ ብቓልስና ክረጋገጽ እዩ!!!

ደለይቲ ፍትሒ ኤርትራውያን ሳንድያጎ - ካሊፎርንያ

07/14/2023